## ዝተመሳቐለ ቃላት

ብሳሙኤል ፍስሃየ

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | 2 | 3 | 4 | ■ | 5 |
| 6 | ■ | ■ | 7 ሀ | 8 | 9 |
| 10 | 11 ጋ | 12 | 13 | ■ | 14 |
| ■ | 15 | ■ | ■ | 16 | ■ |
| 17 | 18 | 19 | 20 | 21 | ■ |
| 22 ደ | 23 | 24 | ■ | 25 ኒ | 26 |
| ■ | 27 | 28 ቃ | 29 | ■ | 30 |
| ■ | ■ | 31 | 32 | 33 | 34 |

### ንጋድም

1. ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ዓቢ ርባ ወይ ውሕጅ
7. ጥርኑፍ መጸውዒ ማሕበር-ሰብ
10. ቅድሚ ጸሃይ ብራቕ ዘሎ ጊዜ
17. ከተድሕንና ወይ ክትምሕርና
22. ገንዘብ ወይ ባጤራ
25. ሓቦ
27. ቃንዛ ወይ መረረ ብግልባጡ
31. ካብ ዝኸድናዮ ንመጽእ

### ንትኹል

1. ሕማም ዓሶ ሓመመ
4. ደስታ
5. ዓድልዮ
11. ኣብ መንገዲ ባጽዕ ኣስመራ ዝርከብ ቦታ
16. ሰራሒ ጸጉሪ
17. ተጓዓዘ
19. ቁጠዐ
26. ዕጉብ ወይ ድሱት
29. መጸውዒ ወይ መፍለይ ሓደ ነገር

## መልሲ ናይ ኣብ 3ይ ሕታም ልዝብ ዝወጸ ሕቶታት ሓፈሻዊ ፍልጠት

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1 ዓ | 2 ሰ | 3 ብ | ■ | 4 ገ |
| 5 ዋ | ■ | 6 ራ | ■ | 7 ዚ |
| 8 ተ | 9 ወ | 10 ና | 11 ጨ | 12 ፍ |
| ■ | 13 ር | ■ | 14 ጎ | ■ |
| 15 መ | 16 ሓ | 17 ው | 18 ራ | 19 ት |
| 20 ሰ | ■ | 21 ሕ | ■ | ■ |
| 22 ን | ■ | 23 ው | 24 ሕ | 25 ጅ |
| 26 ቶ | 27 ቃ | 28 ሕ | ■ | 29 ግ |
| ■ | 30 ን | ■ | 31 ሃ | 32 ና |
| 33 ሓ | 34 ዛ | ■ | 35 ብ | ■ |
| 36 ኔ | ■ | 37 በ | 38 ት | 39 ሪ |
| 40 ታ | 41ዕ | 42 ሊ | 43 ም | ■ |

### ንጋድም

1.ሓንቲ ካብ ወደባት ኤርትራ
2. ብቅልጡፍ ተንቀሳቀስ ወይ ተቐላጠፍ
15. መጸውዒ የእዳውን የእጋርን ንሓባር
23. ዝጎዓዝ ማይ
26. ሓንቲ ካብ ዓይነት ኣዕዋፍ
31. እቲ ዝበዝሐ ሽም ጓል ኣነስተይቲ
33. ጨብጣ
37. ከም ምርኩስ ወይ ምሕረሚ ዝጠቅም ዕንጸይቲ
40. ስልጠና

### ንትኹል

1. ጀማሪ ሰውራ ኤርትራ
3. ጥንታዊ መጽሓፊ ወረቐት
4. ብዙሕ መጠን ወይ ዓቐን
9. ከባቢ 30 መዓልታት
11. ውሽጣዊ ክፍሊ ኣካላት
15. ባህላዊ መሳርሒ ሙዚቃ
17. ምንባሕ ከልቢ
25. ተባዕ ወይ ቆራጽ
27. ስቃይ ወይ ሕማም
31. ገንዘብ ወይ ርእሰማል
33. ቀታሊ ኣንበሳ
37. ተዛረቢ ወይ ኣድማጺ

ብሳሙኤል ፍስሃየ

### ግድል

ሓደ ሰብኣይ ኣብ መንገዲ እንዳ ኸደ ከሎ ኣብ ሰለስተ ቦታ ሰለስተ ዝተፈላለዩ ለመንቲ ይጸንሕዎ እሞ፡ ነቲ ቀዳማይ ፍርቂ ናይቲ ዘለዎ ገንዘብን ሓደ ዶላር ሞቕሸሽን ይህቦ። ነቲ ካልኣይ እውን ከምኡ ፍርቂ ናይቲ ዘለዎ ገንዘብን ሓደ ዶላር ሞቕሸሽን ሃቦ። ነቲ ሳልሳይ ከኣ ፍርቂ ናይቲ ዘለዎ ገንዘብን ሓደ ዶላር ሞቕሸሽን ለገሰሉ ። ኣብ መወዳእታ ሰብኣይ ኣብ ጅቡኡ ሓንቲ ዶላር ጥራይ ሒዙ ተረፈ። ኣብ መጀምረታ እዚ ሰብኣይ ክንደይ ዶላር ነይርዎ ማለት እዩ?

ብተስፋማርያም ጎሹ

**መልሲ፦ ኣብ መጀመርታ እዚ ሰብኣይ 22 ዶላር ነይርዎ።**



Eritrean Community Santa Clara County
ማሕበረ ኮም ኤርትራውያን ሳንታ ክላራ ካውንቲ

# ልዝብ



ኣብ ዓመት ኣርባዕተ ግዜ እትሕተም መጽሔት ልዝብ ቁጽሪ 4 ታሕሳስ 2013

Eritrean Community Center: Santa Clara County, California
1998 Homestead Rd. Suite 115, Santa Clara, CA. 95050

www.eritreancommunity.org ▪ (408)-900-9457 e-mail: ericommunitysantaclara@gmail.com

## ቃል ልዝብ

ቅድሚ ክልተ ወርሒ ኣብ 3 ጥቅምቲ 2013 ኣብ ርእሲ ኤርትራውያንን ካልኦት ዜጋታት ኣፍሪቃን ዘስካሕክሕ ናይ ባሕሪ ሓደጋ ኣብ ገማግም ደሴት ላምፐዱሳ ከም ዘጋጠመ ኩልና እንዝክሮ ናይ ቀረባ እዋን ፍጻሜ ‘ዩ። ግዳያት ናይዚ ሓደጋ ካብ ሃገሮም ክወጹ ብምህቃን ንኣብ ፍልሰት ሰብ ዝተዋፈሩ ገበነኛታት ዘይተእደነ ገንዘብ ድሕሪ ምኽፋል፡ ምድረ በዳ ሳህራ ሰጊሮም ብማእከላይ ባሕሪ ኣቢሎም ንኤውሮጳ ብምስጋር ውሑስን ርጉእን ሂወት ንኽመርሑ ዝተመነዩ ንጹሃን ነብሳት እዮም። ካብዚኣቶም እቶም ዝበዝሑ (366) ግዳያታ ንኹሉ ገጻት ኤርትራ ዝውክሉ ነብሰ ጾራትን ህጻናትን ከይተረፉ ዝርከብሮም ኤርትራውያን ዜጋታት እዮም ።

ፍጻሜ ላምፓዱሳ ንኹሉ ሰብኣውነት ዘለዎ ሰብ ብፍላይ ከኣ ንኤርትራውያን ኣዝዩ ዘጉሃየን ዝተንከፈን ፍጻሜ እዩ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ኣባላት ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ሳንታ ክላራ ውን ነቲ ዝተሰምዖም ከቢድ ሓዘን ንምግላጽ ኣብ ዕለት 10/17/2013 ናይ ሽምዓ ዝኽሪ ብምድላው ሓዘኖም ገሊጾም። ኣብቲ ዝተዳለዎ ናይ ዝኽሪ ስነ-ስርዓት ኩላቶም ኤርትራውያን ማለት ብፖለቲካዊ ርድኢቶም ምስ መንግስቲ ኤርትራ ዝሰማምዑን ዝጸረሩን ዜጋታት ተረኺቦም ብሓንሳብ ሓዚኖምን ኣልቂሶምን። ሽሕ እኳ እዚ ዘሕዝን ፍጻሜ ዝኸሰቶ ሕብረት ሰናይን ቅዱስን ተግባር እንተኾነ እዚ ዝዓይነቱ ሕብረትን ምርድዳእን ግን ኣብ ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ በዳህቲ ኩንታት ጥራይ ተሓጺሩ ክተርፍ የብሉን። እቲ ምንታይ ኤርትራዊ ንሓድሕዱ ሓቢሩ ብምስምማዕን ምትሕልላይን እሂን ምሂን ክብል እንተድኣ ጀሚሩ ነዞም ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሓደጋታት ዳግማይ ንኸይክሰቱ ደው ኣብ ምባል ዓቢ ኣበርክቶ ክንጻወት ስለዝኽእል ሓበራዊ ዕዮ ብምዕያይ ፡ ቀጻልነት ዘልዎ ኩለትናዊ ፍታሕ ክዉን ኣብ ምግባር ኩልትና ተራና ክንጸወት ነዘኻኽር።

### ዘስካሕክሕ ፍጻሜ ላምፓዱሳ

ንሂወት 366 ኤርትራውያን ዜጋታት ግዳይ ዝገበረ ህልቂት ላምፐዱሳ፡ ንህጻናትን ነፍሰጾራትን እውን ኣይንሓፈን ። መጽሔት ልዝብ ንመወቲ መንግስተ ሰማይ ንስድራ ቤት ግዳያት ጽንዓት ይሃብኩም ትብል።




ገለ ካብቶም ካብ ባሕሪ ዝወጹ ረሳታት ዘሪኢ ስእሊ

### ትሕዝቶ

1. ቃል ልዝብ
2. ዜና
3. መደብ ጥዕና
4. ጸጋታት ኤርትራ
5. ባህልን ልምድን
6. ሰሚናር
7. ንጥፈታት ኮሚኒቲ
8. ሓፈሻዊ ፍልጠት
9. ምድላው ንናይ ኣሜሪካ ዜግነት

ኣሰናዳእቲ (EDITORS)

ኣብርሃም ነጋሽ Abraham Negash
ገዛኢ ዘርእሰናይ Ghezae Zersenaye
እስቅያስ ገብረዮሃንስ Eskias G/yohannes
ጆርጆ ሃብተ Georgo Habte

# እዋናዊ ዜና

ብ ኢስቅያስ ገብረየሱስ




እቲ ህቡብን ኣብነታውን ኣፍሪቃዊ ዝኾነ፡ ቀዳማይ ጸሊም ፕረሲደንት ደቡብ ኣፍሪቃ ነበር ነልሰን ማንደላ ኣብ መበል 95 ዕድሚኡ ኣብ ታሕሳስ 5/2013 ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ፡፡ እዚ ዜና ዕረፍቱ ምስ ተሰምዐ ታሪኽ ሂወቱን ሓድጉን ንማዕከናት ዜና ዓለም ብሒትዎ ቀንዩ። ኣብ'ቲ 10 ታሕሳ 2013 ዝተኻየደ ናይ ዝኽሩ ስነስርዓት፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ታሪኽ ዘይተራእየ ልዕሊ 100 መራሕቲ ሃገራት ተረኺቦም ንማንደላ ኣድናቖቶም ገሊጾም። ፕረሲደንት ኦባማ ማንደላ ብሉጽ ሰብ ንክኸውን ከምዝደረኾ ገሊጹ። ደቂ ዓዱ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ንመዓልታት ናብ ቅርዓት ውሒዞም መሪር ሓዘኖምን ናብኡ ዘለዎም ዕዙዝ ፍቕርን ገሊጾም።

ማንደላ ብሞራላዊ ልዑልነቱ፡ ብኣብነታዊ ተግባራቱን ንዕርቅን ስኒትን ዝነበሮ ጽኑዕ መርገጺን ዝልለ እንኮ ኣፍሪቃዊ መራሒ ኣዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

ማንደላ ነቲ ብANC ዝፍለጥ ሓርነትዊ ውድብ መሪሑ ንጸለምቲ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ካብቲ ብኣፓርታይድ ዝልለ ዓሌታዊ ስርዓት ናጻ ኣውጺኡ ሓርነትን ክብርን ዘነናጸፎም ጸዋር ተጋዳላይ ነይሩ። ብዝነበሮ ፖለቲካዊ ተራ ንዕስራን ሸውዓተን ዓመታት ኣብ ማእሰርቲ ተመቕሒሉ። ምሕያሩ ነቲ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣበርትዖ'ምበር ኣይቀለሶን። ማንደላ ዝድነቐሉ መራሕ ሓርነታዊ ቃልሲ ምንባሩን ዓወት ምጉንጻፉን ኣይኮነን። ማንደላ ዝምነሰሉ ነቶም ዝመቕሑዎም ዘሳቐይዎን መራሕቲ ኣፓርታይድ ስርዓት ሕነ ክንዲ ምፍዳይ መትከላዊ ዕላማኡ ከይገደፈ ንጸላእቱ ሕድገት ገይሩ ምስኦም ክዛተ ፍቓደኛ ምኻኑ እዩ። ንዕርቅን ስኒትን ዝነበሮ ጽኑዕ መትከል ሓደ ካብ መለለይኡ እዩ። ንጸላእቱ ምእዙዛት ክኾኑ ደሪኹዎም፡ ንሃገሩ ካብ ከቢድ ሕንፍሽፍሽ ዕንወትን ኣድሒኑዋ፡ ንባዕሉ ከኣ ልዑል ኣድናቖት ኣትሪፉ።

ንማንደላ ተደናቒ ዝገበሮ ካልእ ርትዒ ብተደጋጋሚ ናይ ምምራጽ ተኽእሎ ከለዎ ፕረሲደንትነቱ ድሕሪ ሓንቲ ናይ ስልጣን እዋን ብወለንታኡ ስልጣን ምርካቡ እዩ። ኣብ ክንዲ ናይ ውልቂ ናይ ሃገር ረብሓ ምሕሳቡ ኣብነታዊ ሰብ ይገብሮ። ከምዘይካልኦት መራሕቲ ኣፍሪቃ ስልጣን ክብሕት ኣይሃቀነን። በዚ ስጉምቲ'ዚ ንፍሪቃን ንዓለምን ኣብነታውነቱ ብተግባር ኣረዲኡ። ዘይተዓደለት ኣፍሪቃ ግን መራሕታ ኣብነቱ ክኽተሉ ኣይተራእዩን። ብዲሞክራስያዊ ምርጫ ዝወደቑ ውን እንተኾኑ ስልጣኖም ብጸጋ ኣየረክቡን። ብዓመጽ ዝውገዱ ውሑዳት ዘይምኺኖም ደሚርካ ዘሕዝን መለለዪ ኣህጉርና ኮይኑ ኣሎ።

# ኤርትራን ታሪኻዊ ጸጋታታን

ብ ዶ/ር ሙሴ ተስፋገርጊስ

ኢዚ ዓምዲ'ዚ፡ በብእዋኑ ንታሪኽ ኤርትራን ገለ ገለ ኣብነታውያን ቀዳሞትን ኤርትራውያን ንምድህሳስ ዝዓለመ እዩ። ንሎሚ፡ ሓጺር ታሪኽ ደግያት ባህታን ታሪኽ ተጋድሎኦምን ዝድህስስ ኮይኑ፡ ኣብ መጻኢ ዓምድታት በብእዋኑ ዝተፈላለዩ ኣብነታውያን ደቀባት ኤርትራ ክድህሰስ እዩ።

ደግያት ባህታ ሓጎስ ዝተወልዱሉ ዕለትን ዓመተ ምህረትን ብርግጽ ኣይፍለጥን። እንተኾነ፡ ኣብ ሞንጎ 1839 ክሳብ 1850 ተወሊዶም ይኾኑ ዝብል ሓፈሻዊ ግምት ኣሎ። ብዝኾነ፡ ዝተወልዱሉ ቦታ ኣብ ሰገነይቲ ኮይኑ፡ ምስ ስድራኦም ባሕርን ዓድን እንዳበሉ ኣብ ሰበኸሳግማዊ ኩነታት ዓብዩ። ወለዶም፡ ኣቶ ሓጎስ ዓንዱን ወይዘሮ ወናኡን ኣዝዮም ብጥሪትን ንብረትን ሰበጸጋ ምንባሮም ይዝንቶ። እቲ ናይቲ ዘመን እቲ ሃብቲ ብዙሕ ግዜ ብዝሒ ሕርሻዊ መሬትን ብዝሒ ጥሪትን እዩ ዝግመት ዝነበረ። ከም መንእሰይ፡ ደግያት ባህታ ናይ ወለዶም ጥሪት እንዳጓሰዩ እዮም ዝዓበዩ። ኣፈ ታሪኽ ከም ዘዘንትዎ፡ ኣብ ግዜ ንእስነቶም፡ ብጉልበቶም ይኹን፡ ሞራሎም ኣዝዮም ሓያል ምንባሮም ሰበ'ጸጋ ዕድመ የዘንትዉ።


ደግያት ባህታ ሓጎስ

ኣብ መፋርቕ 1870ታት፣ ምስ ምትእትታው ኢጣልያውያን፡ ካቶሊካዊ እምነት ካብቲ ኣቐዲሙ ሒዝዎ ዝጸንሐ መሰረት እንዳስፋሕፍሐ ይኸይድ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ባህታ ሓጎስ ካብ ኦርቶዶክሳዊ እምነት ናብ ካቶሊካዊ እምነት ቀየሩ። ኣብቲ ዘመናት እቲ፡ ብዙሕ ክፋላት ኤርትራ ፖለቲካዊ ምርግጋእ ስለዘይነበሮ፤ በብግዚኡ ካብ ክፋላት ናይ ሎሚ ትግራይ፡ መራሕቲ ኢና በሃልቲን ሽፋቱን ከይተረፈ ተሳተፍዎ ወራራት ይካየድ ነበረ። እዚ ወራራት እዚ፡ ንነዊሕ እዋን ዝጸንሐ ዘይኮነ፡ ንጥሪትን ሃብትን ዘሚትካ ንድሕሪት ምምላስ ዝዕላምኡ ኢዩ ዝነበረ። ናይ ወራራት ካብ ኣልዓልና፡ ኣብቲ ዘመናት እቲ በብእዋኑ ካብ ውሽጢ ኤርትራ ዝብገሱን ካብ ትግራይ ዝመጹን ወረርቲ ህዝቢ ዘበሳብሱሉን ዝዘምቱሉን እዋን እዩ ዝነበረ። ብኸምዚ ወራር ሃብቲ ደሊቦም ፍጹም ሓያላት ካብ ዝኾኑ ሰባት ሓደ ራእሲ ውቤ ምጥቃስ ይከኣል። . . . . . . ናብ 5 ገጽ ይቅጽል





## መቀጸልታ ካብ ዝሓለፈ ናይ ኣመሪካ ዜጋ ንምኳን ዝቐርቡ ሕቶታት

1. What is the name of the Speaker of the Houseof Representatives now? John Boehner (2013)
   ኣብዚ ሕጂ እዋን ናይ ገዛ ተጸዋዕቲ ኣፍኛ መን ኢዩ/ያ? ጆን ባይነር (2013)

2. There are four amendments to the Constitution about who can vote. Describe one of them. Citizens 18 and older can vote; you don't have to pay (a poll tax) to vote; a male citizen of any race can vote; any citizen (women and men) can vote
   ነቲ ቅዋም ብዛዕባ መን ክመርጽ ከምዝኽእል ኣርባዕተ መኣረምታ ኣለዎ፡ ሓደ መኣረምታ ግለጽ። 18ን ልዕሊኡን ዕደመ ዘለዎም ዜጋታት ክመርጹ ይኽእሉ፣ ንኽትመርጽ (መምረጺ ግብሪ) ክትከፍል ኣየድልየካን፣ ወዲ ተባዕታይ ዜጋ ዓሌት ብዘይየገድስ ክመርጽ እኽእል፣ ዝኾነ ዜጋ (ወዲ ተባዕታይን ጓል ኣነስተይቲን) ክመርጽ ይኽእል

3. What is one responsibility that is only for U.S. citizens? Serve on a jury; vote in a federal election
   ሓንቲ ሓላፍነት ንናይ ሕቡራት ሃገራት ዜጋታት እንታይ እያ? ኣብ ጉባኤ ፍርዲ ምሽምጋል ናብ ናይ ፊደራል ምርጫ ምድማጽ

4. Name one right only for United States citizens? Vote in a federal election; run for federal office
   ናይ ሕቡራት ሃገራት ዜጋታት ካብ ዝተዋህበ መሰል ሓደ ጥቀስ?
   ኣብ ናይ ፊደራል ምርጫ ምድማጽ፣ ንናይ ፊደራል ቤት ጽሕፈት ዝግበር ምርጫ ምውድዳር

5. What are two rights of everyone living in the United States? Freedom of expression; freedom of speech; freedom of assembly; freedom to petition the government; freedom of worship; the right to bear arms
   ንናይ ሕቡራት ሃገራት ነበርቲ ዝወሃባ ክልተ መሰላት እንታይ እየን? ሓሳባትካ ናይ ምግላጽ ናጽነት፣ ናይ ምዝራብ ናጽነት፣ ናይ ምእካብ ናጽነት፣ ናጽነት ኣቤቱታትካ ንመንግስቲ ንምቕራብ፣ ናይ ምምላኽ ነጻነት፣ ኣጽዋር ናይ ምውናን መሰል

6. What do we show loyalty to when we say the Pledge of Allegiance? The United States; the flag
   መብጽዓ ናይ ተኣማንነት ክንገብር እንከለና ተኣማንነትና ንመን ንምርኣይ እዩ? ን ሕቡራት ሃገራት፣ ንባንዴራ

7. What is one promise you make when you become a United States citizen? Give up loyalty to other countries; defend the Constitution and laws of the United States; obey the laws of the United States; serve in the U.S. military (if needed); serve (do important work for) the nation (if needed); be loyal to the United States

8. ናይ ሕቡራት ሃገራት ዜጋ ምስኮንኩም እትገብርዋ ሓንቲ መብጽዓ እንታይ እያ? ንኻልእ ሃገራት ዘለኩም ተኣማንነት ምቁራጽ፣ ቅዋምን ሕግታትን ናይ ሕቡራት ሃገራት ምክልኻል፣ ኣብ ናይ ሕቡራት ሃገራት ውትህድርና ምግልጋል (ኣድላይ እንተ ኾይኑ) ምግልጋል ነታ ሃገር (ኣገዳሲ ስራሕ ምግባር) (ኣድላይ እንተኾይኑ)፣ ንሕቡራት ሃገራት ተኣማኒ ምኳን

9. How old do citizens have to be to vote for President? Eighteen (18) and older
   ዜጋታት ፕረሲደንት ንኽመርጹ ዕድሚኦም ክንደይ ኸውን ኣለዎ?
   ዓሰርተሸሞንተን (18) ልዕሊኡን

10. When is the last day you can send in federal income tax forms? April 15
    ናይ መወዳእታ መዓልቲ ፌደራላዊ ናይ ኣታዊ ቀረጽ ፎርምታት ዝስደደሉ መዓልቲ መዓስ ኢዩ? ሚያዝያ 15

## Blue Gold

O blue gold Eritrea waters
Birthplace of paragon pearls
The treasure that your seabed stores
Pharaoh's chariots and armors
Potteries and crystal chandeliers
Sunken ships bearing jewels
That slumbered deep for centuries
Exposed Eritrea to wicked colonizers
The Migs and gunship helicopters
Shuddered at your thunderous furies
Before they were blown up into splinters
By your resolute and heroic fighters
Who shed their blood, sweat and tears
Top reclaim your azure colors
O blue gold Read Sea waters
You are ringing in my ears

By Hadera Zerezhi

Syed Dental

Our
Doctors Dr. Rafia Syed
Dr. Farhan

Contact us for details (408) 985-7933

appts@syeddentalcare.com

1150 Scoott Blvd Suite A-2

Santa Clara, CA 95050

## ስሉጥ ጕደናታት ናብራ ኣመሪካ ንመንእሰያት ሃገርና

ብጸሃየ ሙሉጌታ ሃይሉ

------------------መቀጸልታ ካብ ዝሓለፈ ሕታም

### ውትህድርና

ምዱብ ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣመሪካ ብሓሙሽተ ጨንፈራት ዝቖመ እዩ። ንሶም ከኣ፤ ኣርሚ፡ ኔቪ፡ ኣይር ፎርስ፡ ማሪን ኮርፕስ፡ ኮስታል ጋርድ ይበሃሉ። እዞም ጨንፈራት ነናቶም ናይ ኣከታትባ ቅጥዕታትን ገደብ ዕድመን ኣለዎም። ንኣብነት፡ ኣብ ኣርሚ፡ ዕድመ ገደብ ካብ 17 ክሳብ 35 ኰይኑ፡ በዓል ግሪን ካርድ ምኳን የድሊ። ብመንጽሩ፡ ዕድመ ገደብ ኣይር ፎርስ ካብ 17 ክሳብ 27 እዩ። ኣባላት ኣርሚ፡ ኔቪ፡ ኣይር ፎርስ ብዘይተዋጋኢ ዓይነታት ስራሕ ከገልግሉ ይኽእሉ እዮም። እዚ ዓይነታት ስራሕ ከም ቅሽነት፡ ምኽሻን፡ ምስትኽኻል ጸገራ፡ ኣለክትሮኒክስ፡ ምህንድስና፡ ወዘተ ዝመሳሰለ እዩ። ድሕሪ እቲ ናይ ሸሞንተ ሰሙን መሰረታዊ ታዕሊም፡ ብዝመረጽናዮ ስራሕ ተወሳኺ ስልጠና ክሳብ ብደረጃ ኮለጅ ይወሃብ። እዞም ኣባላት ዝድልብዎ ክእለትን ተመኩሮን ኣዝዩ ዝድነቕ ኢዩ። ካብ ሰራዊት ኣብ ዝላቐቑሉ፡ ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቶም ይምወለሎም ኣብ ዓይኒ ገለገለ ኣስራቲ ውን ብልጫ ኣለዎም። ብዘይብኡ፡ ብዘጥረይዎ ተመኩሮን ብቕዓትን፡ ትካላት ብምቛም መነባርኦም ክመርሑ ይኽእሉ (ንኣብነት ኣብ ኣርሚ ከሽንቲ ዝነበሩ፡ ሬስቶራንት ክኽፍቱ ይኽእሉ)። ከይተጠቕሰ ክሕለፍ ዘይብሉ ግና፡ ኣባላት ሰራዊት ዝፈረሙሉ እዋን ኣገልግሎት ናይ ምፍጻም ግዴታ ከም ዘለዎም እዩ።

### ትምህርቲ

ትምህርቲ ፍልጠት ካብ ምስናቕ ሓሊፉ፡ ንሞያ ዝበቅዕ ክእለት ብሓጺር ግዜ ኣብ ምዕጣቕ ግደ ኣለዎ። ኣብ ኣመሪካ እግርና ካብ ዘንበርናሉ ሰዓት ጀሚርና፡ ዕድመናን ደረጃ ትምህርትናን ብዘየገድስ፡ ትምህርቲ ንምቅጻል ክንደፍእ ይግባእ። ብዝውሓደ፡ ክፈልና ውን እንተኾነ፡ ኣብ ዩኒቨርሲታትን ኮለጃትን ንእንግሊዝ ካልኣይ ዝቛንቁኦም ዝወሃብ፡ ብቕዓት ቋንቋ እንግሊዝ ዘረጋግጽ ትምህርቲ ክንወስድ ይግባኣና። እዚ፡ ካብቲ ኣብ ገለገለ ኮምዩኒቲ ኮለጃት ብነጻ ዝወሃብ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝ ዝተፈልየ፡ ካብ እንግሊዝ ዘይዛረባ ሃገራት ንዝመጹ ተማሃሮ ዩኒቨርሲቲ ዝወሃብ ትምህርቲ እዩ። ምምላኽ ቋንቋ እንግሊዝ ኣብ ማሕበራዊ ህይወትናን ስራሕናን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ኣለዎ። ዋጋ ኣውጺእካ ቋንቋ ምምሃር፡ ንኣብነት፡ ታክስን ናይ ከተማን ናይ ተማሃሮን ኣውቶቡሳትን ንምምራሕ ኣብ ገለገለ ከተማታት ዝወሃብ ፈተና ብቐሊሉ ንምሕላፍ የኽእል።

ምስ ናይ ኣመሪካ ክወዳደር ከሎ፡ ብቕዓት ትምህርቲ ሃገርና ዝተሓተ ምኳኑ ርዱእ እዩ። መልቀቒ ካልኣይ ደረጃ ካብ ዝወሰዱ ተማሃሩ 90% ተሪፎም ኣብ ዝበሃለሉ ዝነበረ እዋን፡ እቲ ስርዓት ትምህርቲ ምዉት ምንባሩ ጥራይ እዩ ዝሕብር ነይሩ።

ይኹን እምበር፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኮምዩኒቲ ኮለጃት፡ ጕድለታትና ክንምልእ ዘኽእል ካብ ዘለና ደረጃ ኣበጊሱ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዘብጽሕ ስርዓት ትምህርቲ ተዋዲዱ ኣሎ። ነዝን ካልእን ዕድላት ዝተጠቐሙ ኣብነታውያን ሰባት ኣለዉ። ኣብ ብረታዊ ቃልስና ዝተሳተፈት ሓንቲ ጅግና ተጋዳሊት፡ ኣብ ኣመሪካ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ወዲኣ፡ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ውን ብምጥንቓቕ ብዝለዓለ ሞያ ኣብ ስራሕ ትርከብ ኣላ።

ንትምህርቲ ኣብ ነንቅለሉ ግዜ፡ በብስቴቱ ዝፈላለ እኳ ይኹን እምበር፡ ስኮላርሺፕን ግራንትን ካብ ናይ ትምህርቲ ወጻኢታት ሓሊፉ፡ ናብ ጁባ ዝኣቱ ገንዘብ ውን ዝርከበሉ ተኽእሎታት ኣሎ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ንብዙሓት ካባና ዘደናግር ቋንቋ ከነብርህ ንፈትን። ብቛንቛን ኣተሓሳስባን ምዕራባውያን፡ ልቓሕ ውን ሓገዝ እዩ። ስለዚ ፋይናንሻል ኣይድ ንልቓሕን ስኮላርሺፕን ግራንትን ዘጠቓልል ቃል እዩ። ናይ ምውሳዱን ዘይምውሳዱን መሰል እኳ እንተለና፡ እቲ ዝዓበየ ክፋል ፋይናንሻል ኣይድ ልቓሕ እዩ። ካብኡ ቀጺሉ፡ ኣብ ገለገለ ዓውድታት ንዘለዉ ወይ ድማ ጀመርትን ማሕበራዊ ተጽዕኖታት፡ ከም ምዕባይ ቆልዑ ዝኣመሰለ፡ ዘለዎም ተማሃሮ ንምትብባዕ ብስቴት ዝምደብ ግራንት ዝበሃል ገንዘብ ኣሎ። ኣብ መጨረሽታ፡ ስኮላርሺፕ ብዘተፈላለዩ ውልቀሰባትን ማሕበራትን ዝምደብ፡ ፍሉይ ጕድለት ኣካል፡ ዘርኢ፡ ወይ ድማ ኣካደሚያዊ ብቓዓት ንዘለዎም ተማሃሮ ዝፍቀድ ገንዘብ እዩ። ናይ ሰለስቲኡ ድምር ካብቲ ዝተመደበ መጠን ፋይናንሻል ኣይድ ኣይሓልፍን። በዚ መሰረት፡ ትምህርቲ ምስ ወዳእና ስራሕ እንተሰኣንና ንሰርሓሉ ስራሕ ሒዝና ክንምሃር እኳ ዝምረጽ እንተኾነ፡ ብሕጽረት ገንዘብ ኣብ ስራሕ ብምዝንባል፡ ካብ ትምህርቲ ክንጕናደብ ምኽንያታዊ ኣይኮነን።

ትምህርቲ ብዓቢኡ ንፍልጠት እዩ። እንተኾነ ግን፡ ናብራና ክንመርሓሉ ዘኽእል ኣታዊ ዘርከብ እንተኾነ ዝሓሸ እዩ። ምኽንያቱ፡ ትምህርቲ ዓቢይ ናይ ግዜን ገንዘብን ወፍሪ ኢዩ ዝሓትት። ዓይነታት ትምህርቲ ኣብ ንመርጸሉ እዋን፡ ስዓታት ወፈራ ስራሕ ዝበዝሐ ክፋል መዓልትና ስለዝወስድ፡ ንፈትዎ ሞያ እንተኾነ ውን ጽቡቕ እዩ። ሰበይ ዝኽኣሎ ይኽእሎ እየ ብምባል ዘይኮነስ፡ ምስ ዝምባሌናን ፍትወታትና ዝኸይድ ሞያታት ክንመርጽ ይግባኣና። ከም ተወሳኺ ምኽሪ፡ ስራሕ ምንዳይ ንጅምረሉ ግዜ ትምህርቲ ምስ ወዳእና ዘይኮነስ፡ ክንውድእ ዓመት ምስ ተረፈና እዩ። እዚ ምስ ንገብር፡ ኣብታ መጨረሽታ ዓመት ትምህርትና፡ ኣብ ዓውደ ስራሕ ክሕግዙ ዝኽእሉ ኮርሳት ንምራጽ ሓጋዚ እዩ። ብዘይካ እዚ፡ ኣብ ክራማት ኢንተርንሺፕ ብምስራሕ ተመኩሮ ምድላብ ኣገዳሲ እዩ። ነዚ ውን፡ ክራማት ኣዋርሕ ክተርፎ ከሎ፡ ዕድላት ኢንተርንሺፕ ክነናድን ክነመልከትን ይግባእ።

ናይ ዘርኢታትን ህዝብታትን ጻሕሊ ምትሕውዋስ ተባሂላ ኣብ ትፍለጥ ዝተባረኸት መሬት ኣመሪካ ካብ ሰፈርና፡ ኢድና ብምስዳድ ብጽሒትና ናይ ምልዓል ግደ ከም ዘለና ኣይይንስሕቶን ኢና። ንዘይማዕብሉ ፍትወት መስተ፡ ጫት፡ ማውሪዋና፡ ዓይላ ክምኡ ውን ዝሙት ዝኣመሰሉ ባህርያት ወጊድ እንዳበልና፡ ንስድራናን ንሃገርናን ብዘሓብን መንፋዕቲ ንለዓላሉ መዓልቲ ኣይንደናጒ። ግዜ ከለና፡ ግዜ ኣይንጸበ።



## ጸቕጢ ደም

ካብቲ ብ ዶ/ር ኣማኑኤል ዮሃንስ ኣተዋህበ ኣስተምህሮ ዝተወስደ ጹማቕ

ጸቕጠት ደም ማለት ደም ካብ ልቢ ተጨንጕዕ ብሻንብቖታት ናይ ደም ኣቢሉ ናብ ዝተፈላለይየ ክፋል ኣካልትና ክዝርጋሕ ከሎ ምስቶም ናይ ደም ቱቦታት ዝገብሮ ናይ ምግጫው ሓይሊ ኣዩ ክበሃል ይከእል። ኣዚ ማለት ከኣ ኣቲ ሻንብቖታት ናይ ደም( ateries) ኣንተድእ ካብቲ ቶፈጥርኣዊ ዓቐኑ ክጸብብ ጀሚሩ ደም ብጽብብ ዝበለ ትቦ ይሓለፍ ስለ ዘሎ ዝያዳ ሓይሊ ይገብር ማለት ኣዩ። ኣዚ ሓይሊ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳ ወስኸ ድሕሪ ምኻድ ከኣ ኣብ መወዳእታ ከቢድ ናይ ጥዕና ኩነታት ክስዕብ ይኽእል ኣዩ።

ጸቕጢ ደም በቲ ካብ ልቢ ዝጭንጋዕ ብዝሒ ደም በቲ ናቲ ደም ካብ መናድቕ ሻንቡቖታት ደም ዝገጥሞ ናይ ተቓውሞ ሓይሊን ምብዕቃን ክፍለጥ ይከእል ኣዩ። ካብ ልቢ ብዙሕ ደም ምስ ዝጭንጋዕ ግን ከኣ ብጽብብ ዝበለ ሻንቡቆታት ናይ ደም ምስ ዝሓልፍ ኣቲ ሰብ ልዑል ጽቕጢ ደም ኣለዎ ማለት ኣዩ።



ዶ/ር ኣማኑኤል ዮሃንስ

ሓደ ብልዑል ጸቕጢ ደም ተጠቒዑ ዘሎ ሰብ ዝኾነ ይኹን ምልክታት ከየርኣየ ንነዊሕ እዋን ክጸንሕ ይኽእል ኣዩ። እዝ ኩነት ብዘይ ዝኾነ ሕክምናዊ ሓገዝ ንነዊሕ እዋን ኣንተ ድኣ ቀጺሉ ከኣ ናብ ኣዝዮ ሓደገኛ ዝኾነ ናይ ጥዕና ኩነታት ማለት ከም ወቕዒ ልብን ሓንጎልን ከኸትል ይኽእል ኣዩ። ጸቕጢ ደም ንኽምዕብል ነዊሕ ግዜ ይወስደሉ ንኩሉ ፍጥረት ሰብ ከኣ የጥቅዕ። እቲ ጽቡቕ ነገር ናይዚ ሕማም ድማ ብቐሊሉ ከተለልዩ ስለ ዝካእል ኣዩ።

መብዛሕታኦም ብጸቕጢ ደም ዝተጠቅዑ ሰባት ዋላካ ኣቲ ጸቕጢ ደም ኣብ ኣዝዩ ልዑል ደረጃ በጺሑ እንተ ሃለዎ ዘርኢይዎ ምልክት የሎን። ገለ ገለ ሰባት ብዙሕ ንጹር ዘይኮነ ምሕማም ርእሲ ካብቲ ጥዑይ ሰብ ንላዕሊ ብኣፍንጫ ዝፈስስ ደም የፍስሱ። መብዛሕቲኡ ግዜ ከምዚ ዓይነት ዝርኣየሉ እዋን ከኣ ኣቲ ሕማም ኣብ ኣዝዩ ሓደገኛ ኩነት በጺሑሉ ኣብ ዘሎ እዋን ኣዩ። ስለዚ ከኣ እዩ ዓመታዊ ሕክምናዊ መርመራ ምክያድ ኣገዳሲ ዝኸውን። ጸቕጢ ደም ዘለዎ ሰብ ምስ ዶክቶሩ ኣናተመያየጠ ነቲ ሕማም ኣብ ቁጽጽር ብምእታው ካብ ሞት ክድሕን ይኽእል ኣዩ።

ኣብቲ ዓመታዊ ዝግበር ሕክምናዊ መርመራ ናይ ጸቕጢ ደም ዓቀን ንባብ ይውሰድ እዩ። እቲ ዶክተር ከኣ ነቲ ንባብ ርእዩ ኣንተደኣ ብጸቕጢ ደም ከይትጥቃዕ ሰጊኡ ኮይኑ ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ተደጋጋሚ ናይ ጸቅጢ ደም ዓቐን ክትወስድ ክሕብረካ እዩ።



ክልተ ዓይነታት ጸቕጢ ደም ኣለዉ። ኣቲ ቀደማይ ፕራይማሪ ሃይፐርተንሽን ዝብሃል ኮይኑ ምስ ምውሳኽ ዕድመ ዝኽሰት ኮይኑ ንኩሉ ሰብ ካኣ ክጥቅዕ ይክእል ኣዩ። እቲ ካልኣይ ከኣ ሰከንደሪ ሃይፐርተንሽን ዝበሃል ኮይኑ ምስ ካልኦት ጥዕናዊ ኩነታት ተተሓሒዞም ዝክሰት ጸቕጢ ደም ኮይኑ ካብ ኣቲ ቀዳማይ ዓይነት ጸቕጢ ደም ንላዕሊ ኀድኣት የውርድን ሃንደበት ይኽሰትን። ገለ ካብቶም ነዚ ዓይነት ጸቕጢ ደም ዝቃልዑ ሰባት ካኣ ከም ጸገም ናይ ኩሊት ዘልዎም፡ ናይ ኣብ ኩሊት ዝርከባ ጽክታት (ግላንድስ) ሽግር ዘልዎም፡ ብተፈጥሮ ናይ ሻንብቆታት ደም ጸገም ዘለዎምን መከላኸሊ ወሊድ ዝወስዳ ደቂ ኣንስትዮን ካሊኦት ዕጸ ፋርስን ሓሸሽን ዘዘውትሩ ሰባት በዚ ካልኣይ ዓይነት ጸቕጢ ደም ክጥቕዑ ይኽእሉ ኣዮም። ግን ሃንደበታዊ ዝኽሰት ኣዩ። ንሱ ከኣ ኣቶም ሰባት ካልኦት ጸገማት ጥዕና ምስ ዝህልዎም ዝኽሰት ኣዩ።

ሓደ ካብ ጸቅጢ ደም ነጻ ዝኾነ ሰብ እቲ ናይ ጸቅጢ ደም ንባቡ 120/80 ክኸውን ኣለዎ። ካብዚ ምስ ዝልዕል ግን ኣቲ ሰብ ናብ ልዑል ጸቅጢ ደም ይቃላዕ ኣሎ ማለት ኣዩ። ስለዚ ከኣ ምስ ደክቶሩ ብምዝርራብ ናይ ኣነባብራ ለውጢ ክገብር ኣለዎ። ምንቅስቃስ ኣካላት ምዝውታር፡ ጨው ዘለዎም መግብታት ዘይምምጋብን፡ ሽጋራ ምትኻኽ ምቁራጽን፡ ክብደት ምቕናስን ገለ ካብቶም ክትግበሩ ዘሎውም ናይ ኣነባብራ ምቅያር ኣዮም።

## ንጥፈታት ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ሳንታክላራ
## ካብ መስከረም ክሳብ ታሕሳስ 2013

October 5, 2013
ኣባላትን ፈትውትን ማህበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ሳንታ ክላራ ንምዝናይን ንምፍላጥን ንካልኣይ ግዜ ሓባራዊ ዑደት ኣካይዶም።

November 2, 2013
Author, publisher and founder of awate.com Mr. Saleh Ghadi (Johar) introduced his new book “Meriam was here” to members and friends of the Eritrean community center in Santa Clara.

November 15, 2013
Dr. Farhan Syed. Delivered a presentation on the root cause and prevention of oral cancer was given to members and friends of the Eritrean community center of Santa Clara.

November 22, 2013:
ብሴፎራ ሚካኤል ወልዱ ዝተዳለውት “ኢምፐርዛ” እትብል ንዛንታ ኣብ ንግዲ ዝተዋፈሩ ካብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝመጹ ስደተኛታት ዝተኮረት ድምጺ ኣልቦ ፊልም ተርኢያ።

December 06, 2013
A presentation on the root cause, treatment and preventation of Hypertension was given to members and friends of the Eritrean community center by one of its members Dr. Amanuel Yohannes.

December 13, 2013:
ናይ ቃልኪዳን ሰብ ጸጋ ዝኾኑ ኣቶ ብርሃነ ገብረ ንጉስን ብዓልቲ በቶም ወ/ሮ ኣዜብ ስዩምን “ሓዳርን ስደትን” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ካብ ናይ ነዊሕ ዓመት ናይ ሓደር ተሞክሮዕም ምርኩስ ብምግባር ን ኣባላት ኮምኒቲ ኣስተምህሮ ሂቦም።

December 20, 2013:
ምስ ምዝዛም ዓምተ 2013 ብምትሕሓዝ ኣብ ዝተዳለወ ናይ ድራር ምሸት ኣባልት ማሕበርኮም $ 5000 ወፈያ ተገሩ።


**ክዳውንቲ ሓበሻ**
**ናይ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን**
**ክትገዝኡ ምስ እትደልዩ።**
**ንኣቶ ጸጋይ ወይ ወ/ሮ ሰናይት ተወከሱ፡**
**(408) 544-0266**
**(408) 226-3577**

**ዓማዊሎም ከሕጉሱ ተዳልዮም ኣለው**




## ባህልን ልምድን ሕብረተ ሰብ ኤርትራ

## ምውቅ ሓዳር



ብኣቶ ብርሃነ ግብረንጉስን ወ/ሮ ኣዜብ ስዩምን

ብዛዕባ "ሓዳር ኣብ ስደት" ቀደም እዩ ዘገርም ዝነበረ እምበር ሕጅስ ንዝበዝሔ ክፋል ህዝብና ኣራኻኺቡሉ እዩ። 'ስደት' ናይ ኤርትራውያን ብዓቢኡ ኣብ ድሕሪ 60ታት እዩ ተጀሚሩ። ዝበዝሕ ከኣ ናብ ጎረባብቲ ሃገራትን ብውልቀኻን እዩ ዝነበረ። ኸምኡ'ውን እቶም (ኣብ ሰብዓታት) ምስ ስድራና ናብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ዝተሰደድና ኣዚና ውሑዳት ኢና ዝነበርና።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ስደት ንህዝብና ብውልቂ ይኹን ምስ ሓዳር ዳርጋ መለለዪኡ እዩ ኮይኑ ዘሎ። ስለዚ ናይ ሎሚ ትሕዝቶ ብዛዕባ "ሓዳር ኣብ ስደት" መን ካብ መን ይመሃር ዘይኮነስ፡ ነናትካ ተመክሮ እንዳተላዋወጥካ ንምዕላል ይሕግዝ ይኸውን ብምባል ዝተበገሰ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ ነቶም መንእሰያት'ውን ከም ገለ መወከሲ (reference) ክጠቅም ይኽእል ይኸውን ምስ ዝብል መንፈስ ዝተሰነየ እዩ።

ሓዳር ክንብል ከሎና 'ጽቡቕ ሓዳር' ምኳኑ ርዱእ እዩ። 'ጽቡቕ ሓዳር' ከምዚ ናይዚ ዘበን'ዚ ኣብዚ ዘሎናዮ ሃገር፣ መጽሓፍ ወይ መጽሔት ገንጺልካ፣ '10 ways how to do this ....,' or '50 ways how to do that.. ....' ዝበሃለሉ ወይ ኣንቢብካ እትረኽቦ ምስጢር ኣይኮነን።



ንሕና ክንርእዮን ክንግምግሞን ከሎና 'ጽቡቕ ሓዳር' ናይ ኣምላኽ ጸጋ እዩ ኢና እንብሎ፣ ማለት ህያብ ናይ ፈጣሪ ከም ዝኾነ ኢና እንኣምነሉ። ህያብ ናይ ፈጣሪ ስለ ዝኾነ ከኣ ኩሎም ሰባት ዝበሃሉ ክካፈልዎ ዕድል ኣሎዎም። ማለት ከም ኣየር ጽሓይ ማይ ዝመሰሉ ጸጋታት ንኹላትና ዝተዓደሉና፣ ሓዳር ጥራይ ዘይኮነስ "ጽቡቕ ሓዳር" ንምትካል'ውን ንኹሉ ዝተቐረበሉ ጸጋ እዩ። ነዚ ናብ ግብሪ ንምልዋጥ ክልተ ሰባት ሓደ ዓይነት ድላይ ዘሎዎም ብኣጋጣሚ ንኽራከቡ ኣሸጋሪ ስለ ዝኾነ ከም ሓደ ዓቢ ዕድል ይቑጸር። ምናዳኳ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኤርትራውያን ብምኽንያት ናይቲ ኣብ ምሉእ ዓለም ፋሕ ኢልናዮ ዘሎና እቶም ድላዮም ዝማሳሰል ብቐሊል ንክራኸቡ እቲ ዕድል ጽቡብ ዝበለ እዩ።

ነቲ ናይቲ ክልተ ጾታ ኣባላት ናይ ምርኻብ ዕድል ንምስፍሕ ዝግበሩ ብዙሓት ተግባራት ኣሎዉ፤ ንኣብነት ከም ኣብ ዘዘለናዮ ቦታታት ማሕበራት (Community Centers) ኣብ ምቛምን ኣብ ምስታፍን፤ ከምኡውን በቲ ልማድ ናይ ሃገርና ንዝኾነ ናይ ኣዝማድ ናይ ኣሕዋት ናይ ኣዕሩኽ ወዘተ......ናይ ብጻይ ብጻይቲ ምንዳይን ምልላይን ቅዱስ ተግባራት ምጥቃም ነውሪ ዘይኮነስ ሓጋዚ ምዃኑ መንእሰያትና ክስተውዕሉሉ ኣድላዪ እዩ።

ናብ ገጽ 6 ይቕጽል............................





------------------ምውቅ ሓዳር –ካብ 6ይ ገጽ ካልኣይ ዓምዲ ዝቐጸለ

ፈተነታት ዘየጋጥምዎ ሓዳር የለን፡፡ እቲ ዋና ፍልልዩ ነቲ ፈተነታት ኣብ ምእላዩ ጥራይ እዩ፤ እዚ ማለት ከኣ ኣብቲ ዓይነት ዘይምርድዳእን፣ ኣብ ምእላዮም እትጥቀመሎም ሜላታትን ዝተወሰነ እዩ። ኣብ ናትና ሓዳር'ውን በብግዜኡም ዝመጹ ዘይምስምማዓትን ክርክራትን ይመጹ እዮም። ንኣብነት፣ ናተይን ናይ ወይዘሮ ኣዜብን፣ እቲ ዝዓበየን ጽንኩርን ናይ ሓዳርና ፈታኒ ሽግር ኣብ መጀመርያ ግዜ ስደትና እዩ ኔሩ፡፡ ምኽንያቱ ከኣ፡ ስደትና ከም ናይ ኩሉ ሰብ ሃንደበታዊ ስለ ዝነበረ፣ ካልእስ ይትረፍ፣ ናይ ደቅና ንቐያር ዝኸውን ክዳውንቲ'ኳ ከይሓዝና ክንለዓል ኢና ተገዲድና። ስለዚ ኣብ ከንያ ኮነ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ምስ ሰለስተ ቆልዑት ሕጻናት፤ ብዘይ ገንዘብ ብዘይ ሰብ ብዘይ ዘመድ ብዘይ ስራሕ ኣብ ግዜ ቁሪ (ኣብ winter) ኢና ዝኣቶና። እዚ ንኹላትና ብዓቢኡ ግን ንኣዜብ ኣዝዩ ጽንኩርን ፈታንን ግዜ እዩ ዝነበረ። እቲ ንኣዜብ ኣዝዩ ከኸብዳ ዝገበሮ ከኣ ናተይ (ናይ ብርሃነ) ካብ ባህልና ዝወረስኩዎን ሒዘዮ ዝተሰደድኩን ባህሊ (male chauvenism) ስለ ዝተወሰኸ እዩ፡፡ እዚ ማለት ከኣ "ሰብኣይ ኣብ ክሽነ ክኣቱ የብሉን" "ሰብኣይ ናይ ቆልዑት ነገራት ኣየእትዎን እዩም" ወዘተ ብዝብሉ ድሑራት ባህልታት ስለዝተበከልኩ ኣብቲ መጀመርታ ግዜ ኩሉ ስራሕ ኣዜብ ንበይና ብዘይሓጋዚ ክትስከሞ ተገደደት። ድሓር ግን እቲ ወጽዓታታ ብትዕግስትን ብምርድዳእን ምስ ገለጸትለይ፤ ኣነ'ውን ካብታ ግዜ እቲኣ ጀሚረ፣ ከይሰነፍኩ ብዳንጋይ ዳንጋኻ ኣብ ኩሉ ስራሓት ብምክፋል ደቅና ብፍቕሪን ብሓጎስን ኣዕቢና። ብሓጺሩ ከኣ እዚ ናይ ስደት ተመክሮና ንክልቴና ዓቢ ትምህርቲ ኮይኑና፤ ኣፋቒሩና፤ ኣብሊሑና፤ ኣታኣሳሲሩና፣ ሕጉስ ናብራ ክንነብር ከኣ ሓጊዙና እዩ።

እምበኣር ንዓና ንነዊሕ ዓመታት ብሓጎስን ብስኒትን ሓዳርና ከነካይድ ሓጊዘናና እንብለን ብሓጺሩ እዘን ዝስዕባ ክጥቀሳ ይኽእላ እየን፡

ሀ) ጽኑዕ ፍቕሪ ዘይውዳእ ዘይልወጥ ፍቕሪ ብቓል ዘይኮነስ ብግብሪ፤

ለ) ምሉእን ዘየዋላውልን ተኣማንነት ኣብ ኩሉ ነገራት፡ ኣብ ገንዘብ ይኹን ኣብ ዝኾነ፤

ሐ) ምሉእ ሓልዮት፣ ማለት እቲ እትህቦ ወይ እተበርከቶ ካብቲ/ታ ብጻይትኻ/ኪ እትጽበዮ ወይ ትወስዶስ ዝዛየደ ክኸውን ኩሉ ግዜ ቅሩብ ምዃን። (to be ready to give more than you take)

እዚኤን እንተለዋኻ ከምኡውን ከም ምክብባር፣ ምዝርራብ፣ ምምኻር፣ ግሉጽነት፣ ምርድዳእ፣ ሕድገት ማለት ይቕርታ ምሕታትን ምቕባልን፣ ንሓዳር ዘባላሽዉ ሕማቓት ልማዳት ምውጋድ፣ ምውድዳስ ምትብባዕ ወዘተ ዝመሰላ ካልኦት ንሓዳር ዝኩስኩሳ ጽቡቓት ጠባያት ብቐሊሉ ከምዝኽተላ ርጉጽ እዩ።

## እተባህለ

ሓደ ጊዜ ኣብ ሓደ ዓዲ ክሳብ ክልተሚኢትን ሓሙሳን ገባር ሓቢሮም ይቕመጡ ነበሩ። ካብዚኦም ክልተ ስድራቤት ኣዚዮም ዝፋቐሩን ጎሮባብቲን ነበሩ። ከምቲ ልሙድ ከም ጎሮባብቲ መጠን ኣንስቶም ሓዊ ፤ማይ፤ ጨው ፤ሕሩጭ ይላቃቀሓ ፡ ኣቶም ሰቡኡት ከኣ ነዊት፤ ኣብዑር ንማሕረስ ኣናተሓጋገዙ ሰናይ ናብራ ብፍቅሪ ይነብሩ ነበሩ፡፡
ከምዚ ኢሎም ድሕሪ ብዙሕ ግዜ ምጉዓዝ ግን እቲ ኣቦ ናይ ሓንቲ ቤተ ሰብ ብዓልቲ ቤቱን ክልተ ቆልዓን ሓዲጉ ሞተ። ናይቲ ህሉው ሰብኣይ ስድራቤት ግን ሃብታም፤ ዕዙዝ ናብራን ብሾውዓተ ኣጉባዝ ዝማኣከለን ነበረ። እታ ዘኽታም ሰበይቲ ግን ኣዝያ ደኺየት ኣቶም ክልተ ደቃ’ ውን ጠፊኦ።

ኣሞ ኢታ ገዛ ኣናደኺየትን ኣንዳንቆልቆለትን ከደት ኣዛ ዘኽታም ሰበይቲ ኣዚያ ለዋህን ርህርህትን ስለዝነበረት ዝኾነ ሰብ ይድንግጸላን ይሕግዛን ነበረ። መሓልፎ ኣቶም ጎሮበታ ከምዛ ዘይፈለጡ ከመይ ዊዓልኪ ከመይ ሓዲርኪ ዘይብሉ ረጊጾማ ይኸዱ፡ ወረ እታ ሰበይትስ ብሃብታን ብደቃን ክትምክሓላ ጀመረት፡ ክሳብ ኣንቲ ድኻ መደኽደኽ ምስሞትኪ መንከቀብረኪ ኣዩ ሰብኣይኪ ሞይቱ ደቅኺ ጠፊኦም ረዳኢ ዘይብልኪ ክትድርበይ ኢኺ ብማለት ናይ ብዳዓ ቃላት ተዝንበላ ነበረት።ንሳ ግን ህድእትን ርግእትን ስለ ዝነበረት ኣንቲ ሓብተይ ሞት ኣንተ ኾነ በብተራ ናብ ኩሉ ከመጸእ'ዩ ኣቶም ትምክሕሎም ዘሎኺ ደቅኺ ንዓይ' ውን ደቀይ ኢዮም፡ ደቀይ ውን እዝጊ ይፈልጥ ይመጹ ይኾኑ ንስኺ ግን ከሙኡ ኢልኪ ኣይትመክሒ "ትምካሕ ትምካሕ ኣብ ርእስኻ ኳሕ" ድሓር ከኣ ቀባሪ ካብ ፈጣሪ ምኻኑ ኣይትዘንግዒ ብዝብል መሪር መልሲ ትህባ ነበረት። ኮነ ከኣ እዘን ክልተ ኣንስቲ እዚኤን መዛኑ እየን ነይረን፡ ኣሪገን ኣብ ገዛ ክውዕላ እውን ጀመራ። ነዛ ድኻ ሰበይቲ እቶም ዓዲ በብተራ ማይ፡ ዕንጸይቲን መግባን ኣብ ሳልስቲ ኮነ ኣብ ራብዕቲ ባሊህ ስለ ዝብልዋ ጽቡቅ ትነብር ነበረት።
እታ ካሕዳይ ሰበይቲ እቶም ትምክሓሎም ዝነበረት ደቃ ኣብ ሕድሕዶም ስኒት ስለ ዘይነበሮም ነዲኦም ብግቡእ ከልዕልዋ ኣይከኣሉን ተደርቢያ ዘልዕላ ሳኣነት ። ሰብ ኣኽፊእልኩም ምስበሎም ብደቂዓዶም ከይንዓቁ ኢሎም ተኣኪቦም በብተራ ሓሓደ ወርሖም ክሕዙዋ ተሰማምዑ ግንከ እቲ ሓደ ወዳ ገዛ ናይቲ ካልእ ወዳ ገዛ ከይሪኢ ተባሂሉ ኣብቲ ወሰን ዓዲ ሓንቲ ዕምርቲ ጽላል ዳዓሮ እቲ ወርሒ ዝሓዛ ከቀምጣ ዳሕራይ ከኣ ኣቲ ካልእ ከሙኡ ኣናበሉ ክሳብ ሾውዓቲኦም ተሰማምዑ ኣሞ ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ኣቲ መበል ራብዓይ ወዳ መዓልቱ ኣኣኪሉ ናብቲ ሓሙሻይ ንምስግጋር ናብታ ኣግሪ ጽላል ወሰዳ። እቲ ብዓል ተራ ግን ፈጺሙ መዓልቱ ስለዝዘንገዐ ኣይመጸን፡ ንሱ ከኣ ምስደንየ ገዲፉዋ ከደ። መረት ዓረበ መሰየ ዓይኒ ውን ሓዘ ብዓል ተራ ኣይመጸን ከሙኡውን ወሰን ዓዲ ስለዝነበረ እቲ ቦታ። ዝብኢ ድማ ኣብቲ ኣግሪ ጽላል ዳዕሮ ኣሽቲቱ ነታ ኣረጊት ሰበይቲ ተሰኪሙዋ ከደ። መረት ወጊሑ ብዓልተራ መዓልቱ ሓሊፉ ምስተዘከሮ ሃትምተም ኣናበለ ናብ እቲ ኣግሪ ጽለል እንተራኣየ ብዘይካ ደምን ተረፍ ኣካላታን ጨርቀመርቂን ረእዩ ኣዲኡ ብዝብኢ ከምዝተበልዓት ተገንዘበ። በዚ ከኣ ነሕዋቱ ኣኪቡ ጉዳዩ ነገሮም፡ ኣሞኽዳኣ ኣንታይ ይሓይሽ ተባሃሃሉሞ ኣደ ሸውዓተ ጎቦዝ ብዝብኢ ተበሊዓ ካብ ዝውረየልና ነታ ጎረበትና ሰበይቲ ኣምጺእና ክሳብ ዕለተሞታ ንናብያ ኢሎም ተሳማምዑ እዚ ነገርዚ ግን ምስጢር ይኹን እታ ድኻ እያ ዝብኢ ተበሊዓ ንበል ኢሎም ተሰማምዓዑ ክሳብ ዕለተ ሞታ ከኣ ዝግባእ ክንክን ገበሩላ። ምስ ሞተት ኣብቲ ከባቢ ዓደኦም ዝለዓለ ናይ ቀብሪ ስነስርዓት ፈጸሙላ ይበሃል።.
ካብዚ እንመሃሮ እንተደኣሎ ኮይኑ ንወዲ ሰብ ኣይትግፋዕ ድኻ ኣዩ ኣልካ ኣይትንዓቕ፡ ብዘሎካ ሃብቲ ኣይትተዓዘር፡ "ኣይትጥለም ኣማኒኻ ከይጠልመካ ፈጣሪኻን ዝበሃል ናይ ኣቦታት ምስላ የረድኣና።
ብጆርጆ ሃብተ

## ክበኽየልኪ

ብመብራህቱ ተስፋጊዮርጊስ

ሕሰምኪ ርእዩ ክርህወልኪ

ሽግር መከራኺ ክቕንጥጠልኪ

ብሩህ መጻኢ ኣማዕድዩ

ካብዝን ካብትን ተዓድዩ

ስሩዕ መነባብሮ ክመርሕ

ከመሃር ክምርዖ ክሰርሕ

ዓና ኣሚኑ ባሕሪ ክሰግሮ

ዝሓሸ ኣማዕድዩ ህይወት ዓዳቦ ካብ መሪሮ

መሬት ዓደቦ ምስ ኮኖ ጸላም ደልሃመት

ተስፍኡ ኣንቢሩ ኣብ ዘይፈልጦ መሬት

ክቐስን ክሰርሕ እጃሙ ክበርክት

ንሱ'ዩ ኔሩ ቲ'ሕልሚ ትትምኒት

ዳሓን ካኣትወሊ ጸሊኺ ተማህሊልኪ

ናይ ዳሓን ኣትየ ደብዳቤ ሃንቀው ኢልኪ

ኣይቀደወን ኣይረኸብክን ኢድኪ

ማእከላይ ባሕሪ እንታይ ረኺቡኪ

ቀዳሞት ከይኣኽሉኺ ነዚኦም ከኣ ብሂግኪ

ናይ ቀይሕ ባሕሪ ዛንታ'ዶ ኣለኪ

ኣብ ክልተ ተመቒሉ ዘሕለፈ ውጹዕ ሕዝቢ

ዶ ወላስ ዓኖት ኢዩም ኮይኖም ዘይደቅኺ

ጀልባ ብሓዊ ተቓጺላ ሕዝቢ መህደሚ ስኢኑ

ተጸጋግዑ ተደፋፍኡ ተስፍኡ ማህሚኑ

ሰማይ እንተንቃዕረሩ ባሕሪ እንተደነኑ

ዘለሉ ናብ ተገላባጢ ማዕበል

ከድሕኖም ከኽኾኖም ጽላል

እንተ ባሕሪ ግን ክትመስል ሕጉስቲ

ተሰራሰረት ኣዕለበጠት ረኺባ በጻሕቲ

ኣዓብዝ ሽማግለታት ሕጻውንቲ

ናብ 2ይ ዓምዲ ይቕጽል-----------------------

ባሕሪ እንታይ ጌሩ ከም ኣመሉ ዘጉስዐ

ሕጉስ ይመስል ጥዑም ዝበልዐ

ክንዲ ዝተበገሱ ክቐስኑ ክሰርሑ

ተኾሊፎም ኣብ ድላዮም ከይበጽሑ

ገለን ብዓሳ ኣብ ባሕሪ ገለን ብኻራ ኣብ ሲናይ ተጠብሑ

ኣብ ሓደ ህሞት ኣብ ሓደ እዋን

ኣስታት 400 ህይወት ንጹሃን

ብኽንቱ ክጠፍእ ከምትኪ ክበንን

ብምንታይ ክግለጽ ክንዮ ብኽያትን ሓዘንን

ስሚዐ ኔረ ክበሃል ንቡር ሞት

እዚ'ስ ጥፍኣት'ዩ ወለዶ ምጽናት

ስቓዮም ኣብቂዑ ንሰምሲ ሓሊፎም

ንስኹም'ኸ ወለዲ ከመይ ኣለኹም ድሕሪኦም

ንስኺ' ከ ወላዲት ከመይ ኣላኺ ድሕሪኦም

ትርኣይኒ ተኾርሚኺ ዝርንዛሕ ክትነብዒ

ስኢንኪ ኣጆኺ ዝብለኪ ዝኾነኪ ጸግዒ

ንዓኺ ክበኽየልኪ ኣንቲ ሊጋስ ማሕጸን

ዕንባባ ደቅኺ፡ ደቂ ደቅኺ ክትርእዮ ኣይተዓደልክን

ንዝሞቱ መንግስተ ሰማይ

ንስድራ ቤት ጽንዓት

ንህዝቢ ኤርትራ ሰላምን ቅሳነትን።

KITCHEN & BATH CONTRACTOR




Hagos Teckle

General Contractor

Contact Address

(650) 793-6187



## ፍልሰት ኤርትራውያን ስለምንታይ

ብ ገዛኢ ዘርኢሰናይ

ሰብ ንከምኡ ዝእምሰለ ሰብ ከም ኣቕሓ ክሸጦን ክልውጦን ካብ ዝጅምር ዘመናት ሓሊፉ ኣሎ። ንኣብነት ብዙሓት ኣፍርቃውያን ቅድምን ድሕርን መግዛእቲ ኣፍሪቃ ብኤውሮጳውያን ሓይልታት ካብ ኣፍሪቃ ገላዮ ኮይኖም ንኸገልግሉ ናብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ከም ዝተሸጡ ታሪኽ ዝምስክሮ ናይ ቀረባ እዋን ፍጻሜ እዩ። እቲ ካብ ኩሉ ዘስደምም ከኣ እዚ ተግባር እዚ ሎሚ 'ውን ኣብዚ ዓለምና ኣብ ዝልዓለ ጥርዚ ምዕባለ ተክኖሎጅን ሰብኣዊ መሰላትን በጺሓትሉ ኣብ ዘላ እዋን ይኽሰት ምህላዉ እዩ።

መዛግብቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከም ዝሕብሮ ኣብ 2008 ጥራይ ኣስታት 2.5 ሚልዮን ሰባት ካብ 127 ሃገራት ግዳይ ፍልሰት ሰብ ኮይኖም ናብ 137 ከም ዝኣተዉ ይሕብር። ኣብ 2005 ከኣ ካብዚ ዘይሰብኣውን ዘይፍትሓውን ተግባር ኣስታት 31. 6 ቢልዮን ዶላር ኣታዊ ከም ዝተገብረ መጽናዕትታ ይሕብሩ። እዞም ናይዚ ኣረሜናዊ ፍጻሜ ግዳያት ዝኾኑ ሰባት ብወለንትኦም ዘይኮነስ ብምትላትል፡ ብምድንጋር፡ ብምጥባር፡ ብኣስገዳድን ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ዝንከላበቱ ፡ ንርውየት ጾታዊ ስምዒት፡ ገላዩ ኮይኖም ብዘይ ክፍሊት ንኽሰርሑ፡ ህዋሳት ኣካላቶም ኣውጺእካ ኣብ መሸጣ ንምውዓል ተባሂሎም ካብ ሓደ ሃገር ናብ ካልእ ሃገር እናተንካላበቱ ብሰንሰለት ናይ ገበነኛታት ዝሳቐዩ ሰባት እዮም።

እቲ ዓለምለኻዊ ጽልዋ ናይዚ ዘይሕጋዊ ተግባራ ዘስተብሃለ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ከኣ ነዚ ዝምልከት ኣዋጅ ኣብ 2000 ዓመተ ምህረት ኣውጺኡ፡ ካብ 25 ታሕሳስ 2003 ኣትሒዙ ከኣ ኣብ ተግባር ካም ዝውዕል ተገሩስ፡ ክሳብ መጋቢት ናይዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት ከኣ 117 ሃገራት ንትግባረኡ ፈሪመን ይሰርሓሉ ከምዘለዎ ካብ ውዱብ ሕቡራት ሃገረት ዝወጸ ጸብጻብ ይገልጽ።




ነዞም ግዳያት ኣብ ኢድ እዞም ግበነኛታት ንኽወድቁ ዝገብርዎም ብዙሓት ደፋእትን ሰሓብትን ረጃሒታት (push and Pull factors) ኣለዉ። ስእነት ስራሕ (ሽቕለት ኣልቦነት) ፡ ባህርያዊ ሓደጋታት ፡ ሕሱም ድኽነት ዘበገሶ ስእነት መግብን መጽለልን፡ ከም ደፋእቲ ቁጠባዊ ባእታታ ክውሰዱ ክለዉ። ስእነት ትምህርቲዊ ዕድላት፡ ዘይምህላው ሃይማኖታዊ ተጻውርነት ከኣ ከም ማሕበረዊ ረጃሒታት ይጥቀሱ:: ስእነት ፍትሕን ስርዓተ ሕግን ፡ ብመንግስቲ ዝፍጸሙ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት፡ ኲናትን ሽበራን ከኣ ገለ ካብቶም ሰባት ሃገሮም ገዲፎም ንኽስደዱ ዝገብርዎም ፖለቲካዊ ደፋእቲ ባእታታት እዮም።

ናብ ገጽ 7 ይቕጽል................

**ሌላ ምስ ጸጋታት ኤርትራ..................**

ውቤ ኣብ ምድረ ከበሳ ይኹን ቆላ (ብፍላይ ምድርታት ጋሽን ቦጐስን) ብምውራር፡ ክንደይ ግፍዒ ፈጺሙ ከምዝነበረ ኣፈ ታሪኽ የዘንቱ። ነቲ ናይ ውቤ ግፍዒ ንምግላጽ ተባሂሉድማ፡ ክሳብ ሎሚ፡ "ብዘመነ ውቤ ዝጸመመ፡ ውቤ እንዳበለ ሞተ።" ይበሃል። ኣፈ ታሪኽ ከምዘዘንትዎ፡ ውቤ፡ ይትረፍዶ ንዝተቓወምዎ፡ ፈሰስ ከይከፈሉ ንዝተረፉ እውን ብሓድሽ ቆሎ ዓተር ብምግባር ከበሮ እዞኖም ብምንዳድ የጽምሞም ከምዝነበረ ይዝንቶ እዩ።

እምበኣር፡ ኣብዚ ዘመነ ወራራትን ዘረፋን እዩ፡ እምባየ ዝተባህለ ወዲ ራእሲ ኣርኣያ ድምጹ (ገዛኢ ክፋል ትግራይ ዝነበሩ) ናብ ከባቢ ሰገነይቲ ድሕሪ ምምጻእ፡ ግብርን ፈሰስን ብሓይሊ ክምንዝዕ ዝጀመረ። ወላኳ ህዝቢ እቲ ከባቢ፡ "ግዜ ፈሰስን ግብርን ኣይኮነን ምሓረና" ብማለት እንተተማሕጸነ፡ መንእሰይ እምባየ (ኣብቲ ግዜ ከባቢ20 ዓመቱ ገይሩ ነይሩ ይበሃል)፡ ኪጋፍዕን ክምንዝዕን ጀመረ። ህዝቢ ተላዒሉ ኣንኽፍልን ብምባል ዕጭ ስለዝበለ፡ እምባየን ሰራዊቱን ብሓይሊ ብረት ንህዝቢ ከባሳብሱ ጀመሩ። ካህናት ከይተረፈ መስቀሎም ሒዞም ኣብ ሞንጎ ሰራዊት እምባየን እቲ ኣዲሙ እምብለይ ዝበለ ህዝቢ እቲ ከባብን ብምእታው ብሰላም ክፈትሕዎ ፈተኑ። እንተ'ኹነ ሰራዊት እምባየ ተ'ሹሲ ብምቕጻል ሰባት ክቕስሉን ክቐትሉን ስለዝጀመሩ ኵናት ተወልዐ። ደጊያት ባህታ ኣብቲ እዋንቲ ብ ዓዲ ኣዲኦም፡ ኣብ ደግራ ልብአ ነበሩ እሞ፡ እቲ ተ'ሹስን እምባጋሮን ምስ ሰምዑ ጭማራኦም ሒዞም እንዳጐየዩ ናብቲ ኲናት ኣተዉ። ኲነታት ናይቲ እምባጋሮ ፈሊጦም ድማ ምስቲ ህዝቦም ደሪጎም ብጭማራን ጐራደን ኣንጻር ሰብ ንፍጢ ሰራዊት እምባየ ገጠሙ። ደጊያት ባህታ ገለ ካብቶም ሰራዊት ስለዘውደቑ፡ እምባየ ተኲሱ ኣብ የማነይቲ ኢዶም ኣቑሰሎም። ጠኒኖም ወይ ሃጂሞም ብምእታው እምባየ ገጹ ገልቢጡ ናብ ዕዋንት ገጹ ከብል ብጸጋመይቲ ኢዶም ጭማራ ወርዊሮም ወግእዎ እሞ ሽዑ ሞተ። እቶም ዝተረፉ ሰራዊት እምባየ ድማ ተበተኑ። እቲ ህዝቢ ክሳብ ኩዓቲት ደድሕሪኦም እንዳሰዓበ ሰዳድ ወረ ዘይብሎም ኣጽነቶም።

ብድሕሪ ዚ ኣጋጣሚ እዚ፡ ህዝቢ እቲ ከባቢ ኣዝዩ ተሻቀለ ምኽንያቱ፡ ኣርኣያ ድምጹ ወዱ ስለዝተቐትሎ ሕነ ክፈዲ ሰራዊቱ ኣምሪሑ ከመጽእ እዩ ብምባል ተሻቐለ። ነዚ ሻቅሎት እዚ ንምግላጽ ይመስል ሓደ ማሰኛ ኣብቲ እዋን እቲ ከምዚ ዝስዕብ ክብል ማሰ በለ ይበሃል፡

"እንተ ምቕጣን ባህታ ደኣ ይቐጥን፣

ንወዲ ንጉስ ክቐትል ዘይብል `ዕጥንጥን፣

ንወዮም ከተርቲ ንወዮም ሸያጥን፣

ገበሮም ከኣ ፈስን ጥራጥን፣

ንምሽቱ ዝኸውን ግን ኣይፈልጥን!"

# ናይ ዓወት ክሳራ!

ተባህለ ከምዝብሎ፡ ኣብ ሓደ ዓዲ ክልተ ኣዕሩኽ ናይ ስራሕ ልፍንቲ ይጅምሩ'ሞ፡ ሓደ መዓልቲ ከም ኣመሎም ኣብ ስራሕ ውዒሎም ገዛ ምስኣተዉ ንድራር ተቐረቡ። ሽው ቀዳመይቲ ጻሕሊ ክትጽባሕ እንከላ፡ ክልተ ኣዕጽምቲ ካብ ጻሕሊ ዝል! ዝል! ኢለን ኣብ ሑቐፎ'ንጌራ ክዓልባ ተዓዘቡ ይበሃል። ደሓን'ዮም ግን ጸብሒ ነጢሩዎም ነጸልኦም ኣይተጸየቑን።

ዝኾነ ኾይኑ ኣጋጣሚ ኾይኑ ታ'ሓንቲ ዓጽሚ በላሕቲ ኩርናዓትን፡ ኣብ መንቀራቐሮ ዝተሰኩዐ ናእሽቶ ትሕዝቶን ሒዛ ብወሰን መኣዲ ኣብ'ታ ዝዓለበታ ጣይታ ሸኽል ኢላ ተገየጸት። ታ'ካልኣይቲ ዓጽሚ ግን ጮማን ሓው'ንዲዲ ዝመስል ቀይሕ ስጋን ተሰኪማ ከም'ዛ ዓለም ከባብ ነቲ ክብላዕ ተሰጢሑ ዝነበረ እንጌራ ጭፍልቕልቕ ኣቢላ ክሳብ ማእከል መኣዲ ተገላበጠትሉ።

ሻቡ ፍልልይ ናይ'ተን ክልተ ኣዕጽምቲ ቀልጢፉ ኣብ ትዕዝብቲ'ቶም ካብ ብርቱዕ ስራሕ ዝኣተዉ ኣዕሩኽን ናይ ስራሕ መላፍንትን ወደቐ።

እወ፡ ኣዕሩኽ ምስ ሙቁር ዕላሎም፡ ጸግዒ-ጸግዒ'ተን ኣዕጽምቲ እናፎገፎ እኽሊ-እኽሉ ኩስትር ኣበልዎ'ሞ፡ ኣብ መወዳእታ ኣእዳዎም ኣልሚጾም ምስ ሞሶብን ኣዕጽምትን ንደቓይቕ ተፋጠጡ።

ግደ ሓቂ ግን፡ ቃላት ኣይሓወሱሉን'ምበር፡ በብልቦም'ሲ ነታ ዓባይ ዓጽሚ ዝወስዱላ መደብ ካብ ምስልሳል ኣየዕረፉን።
ሓባይብ ንምፍልላይ እንታይ ይሓይሽ፡ ዝብል ሚዛናዊ ምይይጥ ጥራይ'ዩ ብየማን ወይ ብጸጋም ዘይተዘከረ።
ዝኾነ ኾይኑ ሓሰበላ ከምዝመደቦ፡ መላፍንቱ ማለት ኣርከበላ ኣቐዲሙ ክሳብ ዘልዕል ኢዱ ኣኪቡ ምጽባይ ይሓይሽ፡ ዝብል ኣማራጺ ኮነ። ከምመደቡ እንተሰሊጡዎ'ሲ፡ ኣርከበላ ኣቐዲሙ ወስ ምስበለ፡ ቃል ዓለም ጌሩ፡ ነታ ንእሽቶ ዓጽሚ ከልዕል'ኸውን'ዩ'ሞ፡ ንኣይ ታ'ዓባይ ክትበጽሓኒ'ያ፡ ዝብል ትጽቢት'ዩ ኔሩ።
ኣይቀሰነን ግን፡ ግምባሩ ዝሃቦ ከልዕል ምኺኑ'ውን ስኽፍ እናበሎ'ዩ፡ ብዕላል ዝተመሰጠ ተመሲሉ ክጽበ ዝፈተነ።

እንተኾነ ግን ኣይደንጎየን ኣርከበላ። ነታ ርቡሕ ትሕዝቶ ዝነበራ ዓጽሚ ቦጋ'ቢሉ፡ ብቐጽበት ምውጉርቱ ዕኮት ዝነኸሶ ዘምስል ኩላሶ ምኽርርጥ ኣበለላ።
ሽው ሓሰበላ፡ <u>ክሳራ ናይ ዓወቱ</u> ም'ሓጥ ኣብይዎ፡ ኣሕ ደባሕ በለ። ማለት'ሲ መላፍንቱ ኣቐዲሙ መሪጹ ከልዕል ክጽበ ብምሕላኑ ተዓዊቱ ከብቅዕ'ሲ፡ ብውጽኢት ናይ ዓወቱ ዘጋጠሞ ክሳራ፡ ጭራሽ ዘይተጸበዮ ክሳብ ዝመስል፡ ኣጊሙዎ፡ ሕርቃኑ ምቁጽጻር ስኣነ።
ስለ'ዚ ይዋእ'ዩ ሓሰበላ ብኽልቲኦን ኣእዳዉ ርእሱ ሒዙ፡ ብግምባሩ ኣንጻርጺሩ ተጣዕሰ ብተግባሩ። ዝኾነ ኾይኑ ሽሕ'ኳ በጃኻባ ንማቕላ ክብል እንተዘይደፈረ፡ ከም'ዛ ዘናግፉ፡

ኣቤ....ት! ኣንታ'ርከበላ ተንኮለኛ'ባ ኢኻ!

ካን! ነታ ዓባይ ዓጽሚ ምንጥል ተብላ! ንትብል ስምዒታዊት ፍርዱ፡ ምእንቲ ፍቕርን ናይ ጽባሕ ከብድን፡ ምስ'ቲ ዝበልዖ ዝነበረ እንጌራ ውሕጥ ኣቢሉ ኣብ ከብዱ ክዓቑራ ኣይከኣለን። ዳሕዲሑዋ'ዩ ዝገደፈላ'ብሉን ንዘረባ!
ኣርከበላ ግን ቅጭጭ ኣይበሎን። ዝመኸረጠ ጮማ እናሓየኸ'ኳ ደኣ፡ ስማዕስ'ኪ ዓርከይ፡ ንስኻ እንተ ትኸውንከ፡ ማለት'ሲ ንስኻ ፈለማ እንተተልዕል ኔርካ'ሲ፡ ካብ ክልቲኦን ነየንኣን ምመረጽካ ኔርካ፡ ክብል ንሕቶ ብሕቶ መለሰሉ።

ሓሰበላ ድማ ትቕብል ኣቢሉ፡ ሱቕ ዘይትብል ኣንታ'ርከበላ! ኣነ እንተዝኸውን ኣቐዲመ ዘልዕል? ዋ! ኣነ እንተዝኸውን ደኣ፡ ነታ ንእሽቶ ዓጽሚ ምመረጽኩ ኔረ ይብሎ።
ኣርከበላ ድማ ኩላስኡ እና'ስተማቐረ፡ እሞ ንሳ እንተኾይና ምርጫኻስ፡ *ከም'ዛ ትሪኣ* ኮፍ ኢላ ትጽበየካ ስለዘላ፡ ዘዛርብ መኣስ ኣለካ፡ ብምባል ብሓሳብን ብግብርን ኣብ ልዕሊ መላፍንቱ ዘጋጠሞ ዓወቱ እናስተማቐረ ብልዑ ቀጸለ። ይበሃል።

እሞ፡ እዚ ተባህለ'ዚ ተንኮል ኣለዎዶ?

**ምናልባት ኣለዎ'ወ ክበሃል እንተኾይኑ፡ መ'ኖ'ም'ዩ ተንኮለኛ ጥራይ ዘይኮነ ተንኮል ማለትከ እንታይ ማለት'ዩ'ውን ክበሃህል'ዩ?**

**ዝኾነ ኾይኑ ሰኣን ንእሽቶ ምይይጥ ኣቐዲምካ ግን፡ ፍቕሪ-ቓደምምን መጻኢ ዝምድንኦምን ኣብ ፈተና ዘውድቕ ፍርዲ ተፋሪዶም፡ ደሓን ሕደር ክይተጻገቡ ተፈላለዩ'በሃል።**

ዳንኤል ተስፋዮውሃንስ

ካብ 4ይ ገጽ ካልኣይ ዓምዲ ዝቐጸለ---------------------- ምውቅ ሓዳር

ብዝመጸ ይምጻእ ንዝተረኸበ ዕድል ጽቡቕ ዕድል ምዃኑ ምስ ፈለጥካዮ ግን ከየምልጠካ ምግባር ኣድላዪ እዩ። ምምራጽ እንተበዚሑ "ብዙሕ ዝደሊ ሓንቲ'ኳ ነይረክብ" ከም ዝበሃል፣ ግዜ ጎያያይ ስለዝኾነ ኣይጽበየካን እዩ እሞ ባዶ ኢድካ ተሪፍካ፣ ንበይንኻ ከይትበሊ ምጥንቃቕ የድሊ።
እምበኣር ኣብ ናትና (ኣዜብን ብርሃነን) ተመኪሮ ክንምለስ፤ ኣብ ግዜ ንእስነትና ኣብ ሃገርና ኣብ ዓድና ስለ ዝነበርና፣ ብዙሕ ምርጫታት ይንበር እምበር እቲ ኣጋባቡ ከምዚ ናይ ሎሚ ግዜ ኣይነበረን፡፡ ማለት በቲ ግዜና፣ ናይ ዘይፋለጡ ወድን ጓልን ኣብ ደገ ንኽራኸቡ'ሞ ናብ ሓዳር ዘብጽሕ ዕርክነት ክፈጥሩ ክሳብ ክንድዚ ነጻነት ኣይነበረን። ወድን ጓልን ሓቢሮም ኣብ ከተማ ክዞሩ ወይ ፓርቲ ወዘተ ክኸዱ ክንድዚ ልሙድ ወይ ዝውቱር ኣይነበረን። በዚ ባህሊ'ዚ ተኸቲልና ንሕና ኣብ ገዛ እንዳ ኣዜብ ኢና ዝተፋለጥና። ሓዊ ኣዜብን ኣነን ዕርክነት መስሪትና ነበርና'ሞ በቲ ምኽንያት ተጠቒመ (ማለት በቲ ዕድል) ኣብ ገዝኦም ክኣቱ ጀመርኩ፤ ምስ ኣዜብ ተፋሊጥና ተፋቒርና'ውን። ተቓላጢፍና ከኣ እቲ ዕድል ከምዘየምልጠና ገበርና ፣ማለት ነቲ ፍቕሪ ኮስኲስና፣ ተኣማሚንና፣ ይኾነኒ እዩ ትኾነኒ እያ ተባሃሂልና ናብ ዝለዓለ ደረጃ ሰቒልና፣ ኣብ ሕጸን መርዓን ሓዳርን ከኣ በጺሕና። ናብራና ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኮይኑ ኣብ ውሽጢ 7 ዓመት ከኣ ብ2 ኣወዳትን ሓንቲ ጓልን ተባሪኽና።



ደርጊ ምስ ደልደለ ናብራ ኤርትራውያን ኣብ ኢትዮጵያ እንዳ ኣሸገረ ስለ ዝመጸ ንዓናውን ንህይወትና እንዳ ኣስግኣና ስለ ዝኸደ፤ ኣብ ወርሒ መስከረም (September) 1975 ናብ ስደት ብወገን ከንያ ክንሃድም ተገዲድና። ድሕሪ ሓደ ወርሒ ካኣ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ኣቲና ዑቕባ ሓቲትና ተቐቢሎምና።

ናብ ገጽ 9 ይቅጽል.............................



ካብ 4ይ ዓምዲ ዝቐጸለ ----------------------ፍልሰት ኤርትራውያን ስለምንታይ

ኤርትራ ሃገራና ድሕሪ ናይ 30 ዓመት ደማዊ ኩናት ኣብ 1993 ብዘካየደቶ ዕዉት ህዝባዊ ረፈረንዶም ልኡላዊት ሃገር ብሙዃን ናብ ማሕበር ሃገራት ዓለም ተጸንቢራ። እቲ ብሰንኪ ንነዊሕ ዓመታት ዝተኻየደ ኩናት ዝዓነወ ትሕቲ ዘሮ ዝነበረ ሃገራዊ ቁጠበኣ ብምብርባርን ብኡ ኣቢላ ከኣ ደረጃ መነባብሮ ዜጋታታ ንምምሕያሽ፡ በቲ ዜጋታታ ዝገበርዎ ንጥፈታትን ሓገዝ ማሕበረ ሰብ ዓለምን ተደጊፋ ኣብተን ናይ መጀመርታ 7 ዓመታት ዘይንዓቕ ቁጠባዊ ምዕባለ ኣመዝጊባ ከምዝነበረት ናይ ቀረባ እዋን ተዘክሮ 'ዩ።

ኣብዚ ዝሓለ 5 ዓመት ከኣ ኣስታት 30 000 ( ሰላሳ ሽሕ) ዝኾኑ ኤርትራውያን ግዳያት ናይዚ ዘይሕጋዊ ተግባር ከምዝኾኑ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ባይቶ ሕብረት ኤውሮጳ ዝቐረበ ጸብጻብ ይሕብር። ብዘይካዚ እቲ ዝተዘርገሐ ሓበሬታ ብዙሓት ካብዞም 30000 ግዳያት ሂወቶም ከም ዝሳኣኑን፡ ደቀንስትዮ ክብረ ንጽህነኦን ከምዝተደፍራን ገለውን ህዋሳት ኣካላቶም ንመሸጣ ከምዝውዓለን ፡ ብዙሓት ውን ንድሕነቶም ዘይተኣደነ ገንዘብ ስለ ዝተሓተቱ ንስድርኦምን ንቤተሰቦምን ኣብ ድኽነትን ስእነትን ከም ዝሸመምዎም ይገልጽ።



እንተኾነ ግን ብሰንከቲ ኣብ ግንቦት 1998 ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተኸስተ ዘይተደልየ ዶባዊ ግጭጥ ኣቲ ኣብ ኤርትራ ክርአ ጀሚሩ ዝነበረ ቁጠባዊ ግስጋስን ምዕባለን ዛሕቲሉን ፡ ብሰንከዚ እውን ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ማሕበራውን ፖለቲካውን ኩንታት ተጸልዩ። ካብዚ ሰዓት ኣትሒዙ ከኣ እቲ ክጅመር ከሎ ንዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ተባሂሉ ዝተኣወጀ ሃገራዊ ኣገልግሎት ደረት ኣልቦ ኮይኑ፡ እቲ ግቡኡ ዝፈጸመ መንእሰይ ውን ካብ ሃገራዊ ኣግልግሎት ተፋንዩ ኣብ ትምህርቲ፡ ምርምር፡ ንግዲ፡ ስራሕ ኣብ ምንዳይን ክሳተፍ ዕድል ኣይተዋህቦን። ካብኡ ሓሊፉ ውን እቲ ተማሂሩ ንዝልዐል ደረጃ ትምህርቲ ክቕጽል ዕድል ዝረኸበን ካልኣት ናብ ወጻኢ ሃገራት ንምኻድ ኣጋጣሚ ዝረከቡን ብሕጋዊ መንገዲ ካብ ሃገሮም ንኽወጹ መንግስቲ ኣይፈቐደሎምን። እዚን ካልኦት ረቛሒታትን ተደማሚሮም ከኣ ነቲ ንሃገሩ ኣብ ምክልኻልን ኣብ ምምዕባልን ኣብ ቅድመ ግንባር ተሰሪዑ ዝተዋሰአ መንእሰይ ብዘይ ባርኾት መንግስትን ውዕለት ናይቲ ንዓመታት ዘበርከቶ ኣበርክቶን ድሕሪ ናይ ነዊሕ ዓመታት ትጽቢት ብዘይ ፍትወቱ ሃገሩ ገዲፉ ዶብ ብምስጋር ኣብቲ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ዝርከብ መዓስከር ስደተኛታት ኤርትራውያን ተዓቑቡ ክነብር ጀሚሩ።

ካብቲ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ዝገጥሞ ከቢድ ማሕበራውን ስነ ኣእምራውን ሽግራትን ማሕንቖታትን ንምስጋር ከኣ ናብ ኤውሮጳን ኢስራኤል ብምስጋር ዝሓሸ ናብራን መሰላትን ንምርካብ ነቲ ብኣካየድቲ ፍልሰት ሰብ ዝካየድ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ከም ኣማራጺ ክወስዶ ይግደድ። እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ዝረጋግጾ ነገር እንተሃልዩ፡ እቶም ንኤርትራውያን መንእሰያት ካብ ሃገሮም ንኽወጹ ዝደፍእዎም ዘለው ዝተፈላለዩ ረቛሒታት መሰረታዊ ፍታሕ ክሳብ ዘይረኸቡ ፡ ኤርትራውያን መንእሰያት ካብቲ ገጢምዎም ዘሎ ኣደራዕ ንኽድሕኑን ህልውን መጻእን ሂወቶም ንኽመርሑን ብዘይድልየቶም ካብ ሃገሮም ምውጻእ ክቕጽልዎ እዮም። ኣብ ኢድ እቶም ፍልሰት ሰብ ዘካይዱ ካብ ኤርትራ ክሳብ ጎረባብቲ ሃገራት ተዘርጊሖም ዘለዎ ገበነኛታት ምውዳቕ ግድን ይኸውን ማለት እዩ። ከም ሳዕበኑ ከኣ ኣቲ ክረምቲ መጸ ዘጋጥም ዘሎ ኣብ 3 ጥቅምቲ 2013 ዘጋጠመ ጃምላዊ ህልቒት ኤርትራውያን ዳግማይ ንኽኽሰት ዓቢ ተኽእሎ ኣሎዎ። ስለዚ ንኹልና ኤርትራውያን እዚ ጉዳይ ብቐረባ ከምዝጸልወና መጠን ፖለቲካዊ ኣራኣእያና፡ እምነትናን ኣንትይነትና ብዘየገድስ ከም ደቂ ሃገር መጠን ሓቢርና ነዚ ጠንቂ ህልቂት መንእሰያት ሃገርና ኮይኑ ዘሎ ሽግር ኣብ ምፍታሕ ተሪኻውን ሰብእውን ሓላፍነት ኣሎና።